## ናይ ርክብ ሓበሬታታት፥ -

ቤትጽሕፈት፡- 0470-0470-58 32 80

ማእከል-ዓመውል፡- 0771-76 70 76

kundcenter@lanstrafikenkron.se

ዞባ ክሮኖበርይ/ Region Kronoberg

Länstrafiken Kronoberg

351 88 Växjö

## ንኽትፈልጦ ጽቡቕ ዝኾነ ነገራት

**ዓረብያ - ቆልዓ**

ናይ ቆልዓ ዓረቢያ፡ ቦታ ኣብ ዚህልወሉ፡ ብዘይክፍሊት ሒዝካ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። እቲ ዓረብያ ቆልዓ፡ ንቆልዓ መመላለሲ ዘይኰነስ ንኻልእ ኣገልግሎት ተውዕሎ ምስ ዚኸውን፥ ልክዕ ከምቲ ንቖልዓ/መንእሰይ ዚኽፈል ዋጋ ቲከት ትኸፍል።

**ብሽክለታ**

ቦታ ኣብ ዚህልወሉ፡ ክልተ እግሪ ዘሎዋ ሓንቲ ብሽክለታ ንሓደ ሰብ፥ ኣብ ናይ ዞባ ኣውቶ ኡስን ባቡርን ተማሊእካ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ንብሽክለታ ልክዕ ከምቲ ንቖልዓ/መን እሰይ ዚኽፈል ዋጋ ቲከት ትኸፍል።

**ናይ ቤት እንስሳ**

ከልቢ፡ ድሙ ወይ ካልእ ንእሽቶ ናይ ቤት እንስሳ፥ ንኻልኦት ገያሾ ብዘየሸግር ኣገባብ ጌርካ፥ ብዘይ ክፍሊት ክትማላእ ትኽእል ኢኻ። እንስሳታት ኣብቲ ጉዕዞ፥ ክእሰሩ ወይ ኣብ ቦርሳ ወይ ኣብ ሰኪዐት ኣትዮም ክትሓዙ ይግባእ።

እስሳታት ኣብ ናይ ሰብ ኮፍ መበሊ ምቕማጥ ክልኩል እዩ።

**ባልጃ**

ተሰኪምካዮ ክትከይድ እትኽእል፥ ዝደለኻዮ ብዝሒ ናይ ኢድ ባልጃታት፥ ብዘይ ክፍሊት ተማሊእካ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። እቲ ናይ ኢድ ባልጃታት፥ መውጽኢ መገድታት ከዓጹን ኣብቲ ሰብ ኮፍ ዚብሎ ቦታ ምቕማጥን ግን፥ ኣይፍቀድን እዩ።

**ሽጋራ ምትካኽ**

ኣብ ውሽጢ ኣውቶቡስ፡ ኣብ ባቡር፡ ኣብቲ መጸበዪ ኣዳራሻትን ኣብ መዕቀሊ ቦታታትን፤ ሽጋራ ወይ ዋላ ኤ-ሽጋራ ውን 'ተኾነ፥ ምትካኽ ክልኩል እዩ።

**ቀወምቲ ቲከት መሸጣ ቦታታት**

- ኣብ "ኣልቨስታ" (Alvesta) – "ፕረስቢይሮን" Pressbyrån
- ኣብ "ሁቨማንቶርፕ" (Hovmantorp) – "የርንቨግስ-ካፌ" Järnvägscaféet
- ኣብ "ሌሰቡ" Lessebo – "ኩፕ" COOP
- ኣብ "ሌንሁቭዳ" Lenhovda – "ኩፕ" COOP
- ኣብ "ዩንግቢይ" Ljungby – "ዊሊይስ" Willys
- "ማርካሪይድ" Markaryd – "ኩፕ" COOP
- ኣብ "ቲንግስሪይድ" Tingsryd – "ቦርየስ" Börjes
- ኣብ "ቨክሾ" Växjö – ኣብቲ "ማእከል መቐበል ዓመውል" Länstrafiken Kronobergs Kundcenter"፡ ኣብተን "ፕረስቢሮታት" Pressbyråerna፡ "ኩፕዳልቡ" COOP Dalbo፡ ኣብ "ኢካ-ማክሲ ግራንድ ሳማርካንድ" ICA Maxi Grand Samarkand
- ኣብ "ኦሴዳ" Åseda – "ኩፕ" COOP
- ኣብ "ኣልምሁልት" Älmhult – "ሲይድ-ሬሱር" Sydresor

ናይ "ቲከት ኣውቶማት ማሺናት"፡ ኣብ ኵሉ ስተሽናት ባቡር ናይዚ ኣውራጃ ይርከብ።

**ዋጋ** ንጽል ጉዕዞ ብክሮነር/kr ናይ ኣውተቡስን ባቡርን




| | ንቡር ዋጋ ንጽል ጉዕዞ | | | ናይ-ቅነሳ ኣውተቡስን ባቡርን | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ብዝሒ ዞና | ቆልዓ መንእሰይ 0-19 ዓመት | ዓቢ ካብ 20 ዓመት | ብሓንሳብ/ ስድራ | ቆልዓ መንእሰይ 0-19 ዓመት | ዓቢ ካብ 20 ዓመት | ብሓንሳብ/ ስድራ |
| 1 | 16 | 27 | **49** | 12,80 | 21,60 | **39,20** |
| 2 | 22 | 37 | **67** | 17,60 | 29,60 | **53,60** |
| 3 | 29 | 49 | **88** | 23,20 | 39,20 | **70,40** |
| 4 | 37 | 61 | **110** | 29,60 | 48,80 | **88,00** |
| 5 | 44 | 73 | **131** | 35,20 | 58,40 | **104,80** |
| 6 | 51 | 85 | **153** | 40,80 | 68,00 | **122,40** |
| 7 | 59 | 99 | **178** | 47,20 | 79,20 | **142,40** |
| 8 | 69 | 115 | **207** | 55,20 | 92,00 | **165,60** |
| 9 | 75 | 125 | **225** | 60,00 | 100,00 | **180,00** |
| 10 | 82 | 137 | **247** | 65,60 | 109,60 | **197,60** |
| 11 | 89 | 149 | **268** | 71,20 | 119,20 | **214,40** |
| 12+ | 99 | 165 | **297** | 79,20 | 132,00 | **237,60** |

*Tigrinja*

REGION KRONOBERG

# ብናይ "ለንስ - ትራፊከን ክሮኖበርይ" መጕዓዓዚ ምጋሽ — ብኣውቶቡስን ብባቡርን.



Länstrafiken Kronoberg

## ዝተፈላለዩ ዓይነት ቲከታት - ጉዕዞ

**“ንጽል ቲከት” – “ጥረ-ገንዘብ” - “መጐዓዚ-ካርድ፥ መጋየሺ-ካሳ” (reskassa)**

ንዓኻ ሳሕቲ ትገይሽ ወይ ናይ ነንበይኑ ቦታታት ዝቀያየር መገሻ እትገብር።

**ናይ “መጐዓዚ-ካርድ ምስ ምዱብ እዋን” – ንዓበይቲ – ንቖልዑ/መንእሰያት – ንተመሃሮ**

ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ናብ ክልተ ኣቐዲምካ ዝወሰንካየን ዞናታት፥ ከም ድላይካ ክትመላለስ ትኽእል።

## ኣመዳድባ ቲከታት/ናይ ዕድመ ደረታት

**ዓቢ ሰብ ዝበሃል፥-** ካብታ 20 ዓመት ዝመላእካላ ጊዜ ኲይኑ፥ ነቲ ምዱብ ናይ ዓበይቲ ዋጋ-ቲከት ትኸፍል።

**ቆልዑ/መንእሰያት ክሳብ 19 ዓመት፥-** ካብቲ ናይ ዓበይቲ ምዱብ ዋጋ፡ 40 % ይጐድለሎም።

**ቆልዑ ካብ 0–6 ዓመት፥-** ምስ ሓደ ዝኸፈለ ዓቢ ሰብ፥ ብነጻ ይጕዓዙ። (ምስ ሓደ ዝኸፈለ ዓቢ ሰብ፥ እንተ በዝሒ ክልተ ቆልዑ በነጻ ክገሹ ይኽእሉ)። እቲ ከም ሓደ ከፋላይ ቲከት ናይ ዓቢ ሰብ ዘቍጽረካ፥ “ንጽል ቲከት”፡ “ናይ ዓበይቲ መጐዓዚ-ካርድ ምስ ምዱብ-እዋን” (Resekortet period vuxen) ከምኡ ’ውን “መጐዓዚ ካርድ ምስ ምዱብ እዋን ተመሃራይ” (Resekortet period student) እዩ። ብዘይ መሰነይታ ናይ ሓደ ከፋላይ ዓቢ ሰብ ዝገሹ ቆልዑ፥ ንናይ ቆልዓ/መንእሰይ ቲከት ይኸፍሉ።

## ናይ ክልተ መጻምዲ/ናይ ስድራቤት ቲከት

በዚ ናይ መጻምዲ/ናይ ስድራቤት ቲከት (biljetten Duo/Familj) ጌርኩም፥ ዝያዳ ብዝ ሕሰረ ቲከት ትጐዓዙ። እዚ ዓይነት ቲከት’ዚ፡ ክሳብ ንሓሙሽተ ዝኾኑ ሰባት ዘገልግል ከይኑ፥ ካብኣቶም እንተ በዝሒ እቶም ክልተ ዓበይቲ ሰባት ክኾኑ ይግባእ። እዚ ቲከት’ዚ፡ ካብ ናይ ክልተ ዓበይቲ ሰባት ዋጋ ቲከት፥ 10 % ዝጐደለ እዩ።

ከም ዓበይቲ ሰባት ዚቝጸሩ፥ ኵሎም እቶም 20 ዓመት ዝመልኡ ሰባት እዮም።

ናይ ክልተ መጻምዲ/ናይ ስድራቤት ቲከት፥ ብናይ “መጋየሺ-ካሳ” (reskassa) ውን ክትዕ ድጎ ስለ ትኽእል፤ ኣብቲ ዋጋ’ቲ፡ ካልእ ዝያዳድ 20 % ውን ይጐድል እዩ።

እዚ ናይ ክልተ መጻምዲ/ናይ ስድራቤት ቲከት፥ ካብ ቅድሙ ውን፡ ክልተ ዓበይቲ ሰባት ዝኸፍልዎ ዝሓሰረ ቲከት’ዩ።

እቲ ናይ ዕድመ ኣመዳድባ ቲከት፥ ኣብታ 7 ዓመትን 20 ዓመትን ዝመላእካለን ዕለት፥ ናይ ዕድመ ደረጃ ትቕይር ኢኻ። ብዛዕባ ናይ ዕድመ ጥርጣረ እንተ ኣጋጢሙ፥ መንነት ወረቐት ትካ ክተርኢ ይግብኣካ’ዩ። እንተ ዘይኰነ ግን፥ ናይቲ ቀጺሉ ዘሎ ዝለዓለ ናይ ዕድመ ኣመ ዳድባ ቲከት፥ ናቱ ዋጋ ትኸፍል።

## ንጽል ቲከት

ንጽል ቲከት፡ ንዓኻ ኣብ ምዱብ ጊዜታት ዘይትገይሽ ወይ ናብ ነንበይኑ ቦታታት ዝቀያየር መገሻ እትገብር እዩ።

እቲ ናይ ንጽል ቲከት ዋጋ፥ በቲ እትጐዓዘሉ ብዝሒ ዞናታትን ናይቲ ገያሻይ ዕድመ’ዩ ዝውሰን። ኣብቲ ናይ “ሸክሸ” ናይ ከተማ መጐዓዚ ንኽትጥቀም እትኸፍሎ፥ ናይ ሓደ ዞና ዋጋ ክፍሊት እዩ።

## “መጐዓዚ-ካርድ መጋየሺ-ካሳ” (Resekortet reskassa och period) ምስ ምዱብ እዋን

### “መጐዓዚ-ካርድ” Resekort

ሓደ “መጐዓዚ-ካርድ”፡ ከም ግላዊ መጐዓዚ ኣይኰነን። ስለዚ ድማ፡ ኣብቲ ንስኻ ዘይትጥ ቀመሉ ጊዜ፥ ንኻልእ ማለት፡ ንዓርክኻ ወይ ካልእ ኣባል ስድራ ቤትካ ክተለቅሖ ትኽእል ኢኻ። እዚ “መጐዓዚ-ካርድ” ናይቲ ትገብሮ ጉዕዞ ፍቓድካ መረጋገጺ እዩ። ስለዚ ድማ፡ ኣብቲ እትጐዓዘሉ ጊዜ ኩሉ፥ ምሳኻ ክህሉ ይግባእ። ነቲ “መጐዓዚ-ካርድ” (Resekort) ገንዘብ መሊእካ፥ ከም ናይ “መጋየሺ ካሳ” ወይ ከም ናይ ሓደ ምዱብ-እዋን ወይ ንኽልቲኡ ዓይነታት ንምጥቃም ትኽእል ኢኻ።

“መጋየሺ-ካሳ” Reskassa

“መጋየሺ-ካሳ”፡ ዝደለኻዮ ብዝሒ ገንዘብ፥ ግን ጥራይ በብሚእትታት (100ታት) ዚቝጸር ሰልዲ ክትመልኦ ትኽእል ኢኻ። ሽው ድማ፡ በቲ “መጋየሺ-ካሳ” ጌርካ፥ ነቲ ንጽል ቲከትካ ክትገዝኦ ከሎኻ፥ ካብቲ ምዱብ ዝኾነ ናይቲ ጉዕዞ ቲከት ዋጋ፥ 20 % ጐደሎ የኽፍለካ።

**መጐዓዚ-ካርድ ን30 መዓልታት**

**- ንዓኻ ኣብ ምዱብ ጊዜታት ብቐጻሊ ተጕዓዚ ዝኾንካ!**

እዚ ዓይነት “መጐዓዚ-ካርድ’ዚ”፡ ንሓደ ኣቐዲምካ ዝወሰንካዮ ናይ ጉዕዞ ርሕቀት፥ ብዘይ ገለ ገደብ፡ ን30 መዓልታት ክትመላለሰሉ ትኽእል ኢኻ። በዚ “መጐዓዚ-ካርድ” ጌርካ፥ ናበ የናይ ቦታ ክትጐዓዓዝ ከም ትደሊ ግን ኣቐዲምካ ኢኻ ትውስን። እንተ ደኣ ንገለ ኣብዚ ከባቢ ዘሎዉ ናይ ኣውራጃታት ርሕቀት ሰጊሩ ዝኸይድ ጉዕዞታት ትገብር ኴንካ ውን፥ ነዚ “መጐዓዚ-ካርድ” ምስ ምዱእ-እዋን፥ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ኣውቶቡስ ወይ ንኽልቲኡ፡ ማለት ኣውቶቡስን ባቡርን ክትጥቀም ትደሊ እንተ ኼንካ ውን፥ ውሳኔ ክገብር የድልየካ።




“መጐዓዚ-ካርድ” ምስ ምዱእ-እዋን፥ ንዝተወሰነ ጊዜ ንኸገልግለካ፥ ምስ “ከፈትካዮ” (aktiverad) ጥራይ’ዩ ምስራሕ ዚጅምር። ንሓደ ምዱእ-እዋን ንምጅማር ንኽትከፍቶ፥ ኣብ ኣውቶቡስ ተሰቒልካ፡ ኣብቲ ናይ መሸጣታት ቦታታትና ወይ ውን ኣብ ሓደ እንዳ ባቡር ኣብ ዚርከብ “ቢልዬት-ኣውቶማት” ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ።

**ንስኻ ቆልዓ/መንእሰይ፥ ካብ 0-19 ዓመት ዝዕድሜኻ**

– “መጐዓዚ-ካርድ” ምስ ምዱብ-እዋን፥ 25% ናይ ዋጋ ቅነሳ ተጌ ሩልካ፥ ክትገዝእ ትኽእል ኢኻ።

በቲ ናይ ምዱብ-እዋን ቆልዓ/መንእሰይ ክትጐዓዓዝ ከሎኻ፥ ዕድሜኻ ዘረጋግጽ ዘገልግል መንነት ወረቐት ክተርኢ የድልየካ።

**ንዓኻ ተመሃራይ ዝኾንካ**

– ነዚ “መጐዓዚ-ካርድ” ምስ ምዱብ-እዋን፥ ናይ 25% ናይ ዋጋ ቅነሳ ንህበካ።

እዚ “መጐዓዚ-ካርድ” ምስ ምዱብ-እዋን ተመሃራይ፥ ነቲ “ሜሴናት” ወይ “ናይ ተመሃራይ መንነት” (ናይ ተጐዓዚ ተመሃራይ ኣርማ ዝተጠቕዖ) ምስ ዘሎዎ ጥራይ’ዩ ክትግልገለሉ ዝክኣል። (ስእሊ ጠቕዓሉ – ንበይኑ ትስደድ)።

**ገንዘብካ ክምለሰካ/ክትክሓስ**

ንስኻ ከም ተጐዓዚ መጠን፥ ናይቲ ዝጠፍአ ወይ ዝተበላሸወ “መጐዓዚ-ካርድኻ”፥ ሓላፍ ነት ባዕልኻ ኢኻ ትስከም። ብቴክኒካዊ ጕድለት ንዝተበላሸወ ካርድ ግን፤ ብዘይ ተወሳኺ ዋጋ፥ ኣብቲ “ማእከል- ዓመዊል” (Kundcenter) ኬድካ ወይ ናብ ቤትጽሕፈትና (kansli) መጺእካ ተቐይሮ።

ብጥረ ገንዘብን ብ”መጐዓዚ-ካሳን” ዝተዓደገ ቲከት ኣይምለሰልካን እዩ።

“መጐዓዚ-ካርድ” ንናይ መጻኢ ጊዜ ምዱእ-እዋን፥ ኣብቲ “ማእከል-ዓመዊል” መጺእካ፥ 50 ክርኖር መሳለጢ ጉዳይ ከፊልካ፥ ገንዘብካ ይምለሰካ።

ነቲ ናይ መጻኢ ጊዜ ንምዱእ-እዋን እትጐዓዘሉ ዞናታት ንምቕያር ወይ ናብ ዝኸበረ ካርድ ንም ቕያር፥ ብዘይ ናይ መሳለጢ ክፍሊት፥ ኣብ ቤትጽሕፈትና መጺእካ ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ።

ንሓደ ድሮ ዝተኸፍተ ናይ ምዱብ-እዋን ካርድ፥ ናብ ዝኸበረ ካርድ ክትቅይር ትኽእል ኢኻ። ነቲ ዘገግለሉ ናይ ጊዜ ደረት ግን፥ ክትቅይሮ ኣይትኽእልን ኢኻ።

“መጐዓዚ-ካርድ” ንምዱብ-እዋን ድሮ ተኸፊቱ ዘሎ ካርድ፥ ብመሰረት’ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሰደቓ ገንዘብካ ይምለስለካ።

| መዓልቲ-ብቑዕነት | ተመላሲ-ገንዘብ ካብ ዋጋ ካርድ ብ % |
|---|---|
| 1 | 80 % |
| 2 | 60 % |
| 3 | 50 % |
| 4 | 40 % |
| 5 | 30 % |
| 6 | 20 % |
| 7 | 10 % |

## ብዘይክፍሊት ናብን ካብን ሕክምና - ትካላት ንዝግበር ምጕዕዓዝ

### ብኣውቶቡስ ንዝግበር ጉዕዞ

ኣብ ውሽጢ እቲ ኣውራጃ ናብ ዚርከብ ክንክን-ሕማም ንምምልላስ፥ ናይ መጻዋዕታኻ ወረቐት ነቲ ኣውቲስታ ብምርኣይ፥ ከምኡ’ውን ክትምለስ ከሎኻ፡ ካብ ክንክን-ሕማም ናይ ዝኸፍልካሉ ቅብሊት ብምርኣይ፥ ብነጻ ክትጐዓዓዝ ትኽእል ኢኻ። ናይ መጻዋዕታ ወረቐት ዘይብልካ ወይ ንኽተርኢ ዘይትደሊ እንተ’ኼንካ፤ ብጥረ-ገንዘብ ከፊልካ፥ ነቲ ቲከት ምስቲ ናይ ክንክን-ሕማም ቅብሊት ኣተሓሒዝካ፥ ናብ Region Kronoberg, Serviceresor, 351 88 Växjö ትልእኮ። Region Kronoberg ዝመልሰልካ ገንዘብ፥ ነቲ ልክዕ ንጕዕዞ ኣውቶቡስ ዝተኸፍለ ዋጋ ጥራይ ’ዩ። ማለት፡ ነቲ “ብመኽፈሊ-ካርድ” ወይ “ብመጋየሺ-ካርድ” ዝተኸፍለ። ኣብ ኣውቶቡስ ተሰ ቒልካ ንጥረ-ገንዘብ ንጽል-ቲከት ምስ ትገዝእ፥ “ለንስ-ትራፊከን” ነቲ ዝኸፈልካዮ ተወሳኺ ናይ 20 ክሮኖር ክፍሊት ኣይመልሰልካን እዩ።

### ብባቡር - ምድሪ ንዚግበር ጉዕዞ

ናብ ክንክን-ሕማም ብባቡር ክትጕዓዝ ምስ ትደሊ፥ ነቲ ቲከትካ ኣቐዲምካ ኢኻ ክትገዝኦ ዝግባእ። ነቲ ንቲከት ዝኸፈልካዮ መታን ክምለሰልካ፥ ነቲ ቲኬት ምስቲ ናይ ክንክን-ሕማም ቅብሊት ኣተሓሒዝካ ናብ Region Kronoberg, Serviceresor, 351 88 Växjö ልኣኮ።

ኣገባብ ኣከፋፍላ ናይ ኣውቶቡስ ጉዕዞኻ

- “ብመጋየሺ-ካርድ” ምስ ምዱብ-እዋን፥ ገንዘብ ዝተመልአት ወይ ውን “ብመጋየሺ-ካሳ” ካርድ
- “ብመኽፈሊ-ካርድ”። ኣብ ኩለን ናይ “ክሮኖበርይስ” ኣውቶቡሳት”፥ ናይ “መኽፈሊ-ካርድ” ማሺናት ኣሎዋ። “ብማስተር-ካርድን” MasterCard “ብቪዛ-ካርድን” (VISA) ውን ክኽፈል ይክኣል እዩ።
- “ብሞቢል-ቲከት”። በቲ ናትና “ናይ ለንስ-ትራፊከን ኣፕ” (app Länstrafiken Kronoberg) ጌርካ ቲከት ግዛእ። ኣብቲ ፋልማይካ “ሞቢል-ቲከት” ትገዝኣሉ ጊዜ፥ ሓደ “መኽፈሊ-ካርድ” ዝኾነካ፥ ሓደ MasterCard ወይ VISA ካርድ፥ ወይ ውን ነቲ “ናይ ቅብሊት ኣገልግሎት ክላርና” (fakturatjänsten Klarna) ክተምዝግብ የድ ልየካ። ነዚ ድማ በታ “ሞባይልካ” ጌርካ፥ ገለ ሕቶታት ብምምላሽ ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ። ነቲ “ሞቢል-ቲከትካ” 20 ደቓይቕ ቅድሚ ምብጋስ መገሻኻ ክትገዝኦ ትኽእል ኢኻ። ነቲ ቲከት ቅድሚ ንስኻ ናብታ ኣውቶቡስ ምስቃልካ ክትገዝኦ ይግባእ።
- ብጥረ-ገንዘብ ኣብታ ኣውቶቡስ። ኣብ ኣውቶቡስ ብጥረ-ገንዘብ ንዝግበር ክፍሊት፥ ተወሳኺ 20 ክሮኖር ብላዕሊ የኽፍል እዩ። “ብመኽፈሊ-ካርድ”፡ “ብሞቢል-ቲከት” ወይ “ብመጋየሺ-ካሳ” ካርድ ክትከፍል ከሎኻ፥ ብላዕሊ ትኸፍሎ ተወሳኺ ገንዘብ የብ ልካን።
- ኣብቲ ናይ “ማእከል-ዓማዊልና” ወይ ኣብቲ መንሃሪ-መገሻ ዘሎ ናይ መሸጣ-ቲከት ቤት ጽሕፈትና መጺእካ ውን፥ ቲከትካ ክትዕድግ ትኽእል ኢኻ።

## ኣገባብ ኣከፋፍላ መገሻ “ባቡር-ኦረሱንድን” (Öresundståg) “ክሮሳ-ባቡርን” (Krösatåg)

- “ብመጋየሺ-ካርድ” ምስ ምዱብ-እዋን ገንዘብ ዝተመልአት ካርድ ትኸፍል።
- “ብመኽፈሊ-ካርድ” ከም ናይ “መጋየሺ-ካሳ” ገንዘብ ዝተመልአት ካርድ። ነቲ ቲከትካ ቅድሚ መገሻኻ ግዝኣዮ። ኣብቲ ናይ “ማእከል-ዓማዊልና” ወይ ኣብቲ መንሃሪ-መገሻ ዘሎ ናይ መሸጣ-ቲከት ቤትጽሕፈትና መጺእካ፥ ቲከትካ ክትዕድግ ትኽእል ኢኻ።
- ኣብቲ ናይ ምድሪ-ባቡር ስተሽን ዚርከብ ናይ “ቲከት-ኣውቶማት” ማሺን። ነቲ ቲከትካ ቅድሚ መገሻኻ ግዝኣዮ። “ብመጐዓዚ-ካርድ፡ መጋየሺ-ካሳ” ጌርካ፥ ወይ ውን “ብመኽፈሊ-ካርድ” (VISA/MasterCard/Diners/American Express) ጌርካ ክትከ ፍል ትኽእል ኢኻ።

## ናይ ብሕቲ ገጻት “ሚና-ሲዱር” (Mina sidor) ዝያዳ ይህብ

እዚ ናይ ብሕቲ-ገጻት “ሚና-ሲዱር” (Mina sidor)፥ ኣብቲ ናትና ኣድራሻ ኢንተር ነር ዚርከብ፥ ነንበይኑ ናይ ዋጋ ምጕዳል ኣጋጣሚታትን ጨለ-ኣገልግሎትን ክትረኽበሉ ትኽእል፥ ነጻ ኣገልግሎት እዩ። ነዚ ክትጥቀም ናይ ሸወደን ቁጽሪ መንነት የድልየካ’ዩ። በዚ “ሚና-ሲዱር” ኣገልግሎት’ዚ ጌርካ ንእትዕድጎ ነፍሲ ወከፍ ቲከት ወይ ምምላእ ናይ ካርድኻ፤ ናይ 10 % ቅነሳ ወይ 10 % ተወሳኺ ተጠቃምነት ትረክብ ኢኻ። ነታ “መጐዓዚ-ካርድኻ” ኣመዝግባ፥ እንተ ጠፍኣትካ ውን ናይ ምጥፋእ ውሕስነት ክትረክብ ኢኻ።

ኣስተውዕል! ነታ “መጐዓዚ-ካርድኻ” “ብሚና-ሲዱር” መሊእካያ፥ ናይ ባቡር መገሻ ምስ ትገብር፥ ኣብቲ “ቢልየት-ኣውቶማተን” ኬድካ፤ ነቲ ናይ መጻኢ ምምላእ ከም ተጀምሮ ምግባር (aktivera en väntande laddning) ኣይትዘንግዕ።

ብዝያዳ ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት www.lanstrafikenkron.se ኣቲኻ ኣንብብ።

### “ናይ መገሻ-ኣፕ” (Rese-app)

በቲ ናትና “ናይ መገሻ-ኣፕ” ለንስትራፊከን ክሮኖበርይ” ጌርካ፥ “ሞቢል-ቲከት” ክትገዝእ፡ መገሻታት ክትደሊ፡ መጐዓዚ ጠጠው ዝብላሉ ቦታ ከተናዲ፥ ኣውቶቡሳት ኣብ ካርታ ክትርኢ፥ ካብ ሓደ ፍሉይ ቦታ፡ ኣውቶቡሳት ዝነቕላሉ ጊዜ፥ ሓበሬታ ክትደሊ ትኽእል ኢኻ። ነቲ “ኣፕ”፡ ኣብ App Store ወይ ኣብ Play Butik ደሊኻ ጸዓኖ።